# ሓድነት ኤርትራ ተረጋጊጹ
# ምትእምማን ሰፊኑ!!

*ብገዛኢ ኪዳነ*

ይበል ዋዕላ ሓድነት ዘውሓሰ
ኣሉታ ኣልዩ ኣዎንታ ዘንገሰ
ኒሕ ኤርትራውያን ዘሐደሰ
ምኽሪ ምክእኣል ዝለገሰ።'

ሃግረዊ ዋዕላ ንኹሉ ብሓባር ኣካፊሉ
ብዘይካ'ቶም ባዕሎም ንነብሶም ዘግለሉ
መልሕሶም ሓሳዊ ተጋብሮም ኣሉ
ዋዕላ ተጋቢኡ ህዝብና ክሓልፊሉ
እቲ ውጹዕ ህዝብና ሰሚሩሉ ቃሉ።

ዓወት ዋዕላና ኣብ ኣስመራ ተሰሚዑ
ህግደፋውያን ጀሚሮም ከጉርዑ
ኣብ ሕጊ ክቐርቡ ወለድና ዘንብዑ
መራሕቲ ሕግደፍ ቀርኖም ተሰሊዑ።

ምትእምማን ሰፊኑ ኣብ ሕ.ሰብና
ንሓድነት ንስኒት ኣሐዲስና ቃልና
ደጊም ክሓልፈልካ'ዩ ኣጆካ ህዝብና
ህግደፍ ከልግስ''ዩ ሰይጣን ናይ ጊዜና
ሓድነት ስኒት ሰፊኑ ጸቢቑ ዕድልና።

ሃገራዊ ዋዕላ ግርም ተቓኒዑ
ወይሊኦም ኣብ ህግደፍ ተጸግዑ
ሓሶት ዝኣመሎም ዓበይቲ ቆልዑ
ርህራሄ ዘይብሎም ወለዶም ዘንብዑ
መንእሰይ ንምጥፋእ ኩናት ዝውልዑ።

ደጊም ኣብቂዑ'ዩ ናይ ህግደፍ ነፍሒ
ተጋብሮም ግናይ ልቦናኦም ከውሒ
ቀሪብኪ ኢኺ ሃገረይ ክትረብሒ
ስእልኺ ክስቀል ኣብ ባይቶ ኣብ ከብሒ።

መንፈስ ናይ ሓድነትን ስኒትን ሰፊኑ
ተንኮል ህግደፋውያን ወጺኡ ዕርቃኑ
ምስ ኩሉ ተጻሊኡ ተሪፉ ንበይኑ
ብሃገራዊ ዋዕላ ሰቢርናዮ ቀርኑ
ኮራኹር ህግደፍ ሓሙቶም በኒኑ።

ኣብዚ ኣሎ ወግዒ ኣብዚ ኣሎ ዘረባ
ህግደፍ ኣልጊሱ ክሓልፊሉ እንዳባ
ማዕድናት ሃገርና ክሕለብ እቲ ጸባ
ጨሪሱ ክጠፍእ ጥሜት ምስ ዓጸባ።

ምስ ጎረባብትና ብሰላም ክንነብር
ጸረ ሰላም ክጠፍእ ዕግርግር
ብምትሕግጋዝ ኣብ ምዕባለ ክንሰግር
ከም ዜጋታት ሃገር ታሪኽና ክኸብር።

ኣቱም ተሳተፍቲ ዋዕላ ደቂ ህዝቢ
ብዓወት ጸንቢልኩሞ ሓጊዝኩም ረቢ
ናይ ውጹዕ ህዝብና ቀሲኑ'ቲ ልቢ
ህዝብና ክረክብ'ዩ ናይ ድኻሙ ዓስቢ።

ዓወት ንውጹዕ ህዝብና
ውድቀት ንህግደፍን ኮራኹሩን።